# መሰረት ሃገር፡ ዓዲ

## ደቀባት ኮም ዕለት 26.06.2006

ዓዲ: ብደም ተኣሳሲሮም ዝዛመዱን፣ ጸኒሖም ዝተጸንበሩዎም እንዳታትን፣ ነገድን ዝውንንዎን ዝነብረሉን መሰረት ሃገር ዝኾነ መባእታዊ-ትካል እዩ።

ስድራቤት ዝብሃል ካብ ክልተ ሰብ (ዝተፋላለየ ጾታ) ዝፍጽምዎ ስጋዊ ርኽክባትን ምውህሃድን፣ ብዝሒ ሰባት ኣፍሪዩ፣ ሓደ ሓባራዊ ኣካይዳ ሒዙ ዝነብር መሰረት ሓደ እንዳ እዩ። ስድራቤታት እንዳ የቑሙ እንዳታት ክኣ ሕብረተ-ሰብ የቑሙ፣ ሕብረተ-ሰብባት ካኣ ዓዲ የቑሙ። ዓዲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብዘይካቶም መግለጺኡን ተምሳሉን መለለዪኡን ኣልቢሶም፣ ካብ ከባቢኡ ዘለዋ ዓድታት ዝፈልዩዎ፣ ባህርያውያን ዶባት (ኣፍላጋት ኣኽራናት.. ወዘተ..)፣ ኣብኡ ንዝነብሩ ሓባራዊ መበቆል ዘለዎም፣ ሓባራዊ ቋንቋ ዝዛረቡ፣ ሓደ ወይ ዝተፈላለየ እምነት ዝኣምኑ፣ ታሪኻዊ ባህልታትን: ዝሓለፉ ዓወታትን፣ መጻኢ ተስፋታትን፣ ፖለቲካዊ ምውህሃዳትን ዘለዎም፣ ኣብ ሓባራዊ ቊጠባዊ ረብሓታት እተነድቀ ረቛሒታት ዘማልኡ: ማለት ርስትን ጥሪትን ዝውንኑ: ነገድ ወይ ህዝቢ ብሓባር ምስቶም ብዘርኢ ዝቕሙ ደቂ ዓዲ፣ ጸኒሖም ዝተጸንበሩዎም ነገድን እንዳታትን፣ ዓሌታትን ዝሰፍሩዎ ኣሃዱ እዩ። ሓደ ዓዲ ዝብሃል ካብተን ጎረባብቲ ዓድታት ብሕንጹጽ ደረት ወይ ዶብ ዝፍለ ኣሃዱ እዩ። ዓዲ ክብሃል እንከሎ፣ ቃል-ብቓሉ ነቲ ቊሸት-መሬቱን ዘመልክት ነገራዊ ኣጸዋውዓ፣ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ነቲ ብደም ተኣሳሲሩ ዝዛመድ ሕብረ-ተሰብ ዝውንኖን ዝነብረሉን መባእታዊ-ትካል ክብሃልውን ይኽኣል እዩ። መሬት ኣብ ከበሳ፡ ነብሲ-ወከፍ ዓድታት ኤርትራ፣ ሓባራዊ-ዋንነት ናይቶም ዝነብሩሉ ደቂ-ዓዲ እዩ። ኣብ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፣ ሓባራዊ ዋንነት-መሬት ኣብ ነብሲ-ወከፍ ኣእምሮ ወዲ ዓዲ ዝሰረጸ ስለዝኾነ፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነታት፣ መሬት ክሸየጥን ክልወጥን ኣይፍቀድን እዩ ዝነበረ።

ንመረዳእታ፣ ኣብ ከበሳ ማለት ኣብተን ሰለስተ ኣውራጃታት ኤርትራ ኣከለጉዛይ ሓማሴን ሰራየ፡ እቲ ህዝቢ በቲ ልሉይ ኣባታዊ ሰረት ዝኾነ በኹራ-ነገድ ተመሪሑ፣ በብዓዱ ኣንጻር ድርብ ጸላእቲ ብምግጣም፣ ወትሩ እናመከተ ካብ ባዕዳውያን ብትብዓት ተኸላኺሉ ክሳብ ሕጂ መለለዪኡ ዝኾነ ዓዱ ዓቂቡ ጸኒሑ እዩ። ከምኡውን ኣብቲ ን30 ዓመታት ዝወሰደ መሪር ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራ፣ ዝያዳ እጃሙ ኣበርኪቱ፣ ምስ ኩሎም ዜጋታት ኤርትራ ክኣ ኢ.ድ-ንኢ.ድ ተታሓሒዙ ብ1991 ዓ.ም. ሃገር ነጻ ኣውጺኡ እዩ። ድሕሪ ዓወቱ ግን ወናኒ መሬቱን ርስቱን ኣብ ክንዲ ዝኸውን: ነብሱን ርስቱን ብህግዲፍ ተወኒኑ ክነብር ተገዲዱ ኣሎ። እዘን ሰለስት ኣውራጃታት ከበሳ ብዓድታትን ወረዳታትን ዝቖማ እየንን።

ንመረዳእታ፣ እቶም ኣብ ነፍሲ- ወከፍ ዓዲታት ከበሳ ዝቕመጡ እንዳታት፣ ደቂ ርስቲ፣ ደቂ ዓዲ ተባሂሎም እዮም ዝጽውዑን ዝፍለጡን። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓድታት፣ መሬት ዓዲ ብደቂ ዓዲ ዝውነን እንበር፣ ብንጉስ ወይ ብመሳፍንቲ ይውነን ኣይነበረን። ዜግነት ዝውሃብን ዝኽላእንውን ብደቂ ዓዲ እንበር፣ ብንጉስ ወይ ብመሳፍንቲ ኣይነበረን። እዘን ብዓዳዊ ትሕተ-ቅርጻ ዝተመስረታ ዓድታት ከበሳ፣ ብፍቶት ደቂ-ዓዲ፣ ብለባማትን ዓበይትን ካህናትን ዝተሓንጸጸ ሕጊ እንዳባ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚረን ክሳብታ ስመን ብዞባታት ዝተቐየረላ እዋን ብስትራተጂ ዓዲ እናተመሓደራ እየን ጸኒሐን።

መብዛሕትኡ ግዜ መጸውዒ ሓደ ዓዲ፣ ብስም ሓደ ፍሉጥ ወለዶን መበቆልን ዘለዎ ሰብ ወይ ብስም ደቁ፣ መጀመርያ ኣብታ ቦታ መጺኡ መጋርያ እጉዱ ነጋሪት ሃሪሙ ዘዕረፈ እዩ። ንኣብነት ካብተን ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን ዝርከባ ዓድታት፣ ዓዲ ተከለዛን ብስም ተከለዛን ዝተባህለ ነቶም ኣብታ ብስሙ እተጸውዐት ዓዲ ዝነብሩ ነገድ ዝፈረየ እዩ። ከምኡውን ደቀ-ምሓረ እትብሃል ዓዲ፣ ብስም ምሓረ ዝፈረዮም ዓሌት ደቂ-መሓረ ተባሂላ ትስመ ኣላ። ከምኡውን ኣብ ኣውራጃ ሰራየ፡ ዓዲ ባይቶ፡ ዓዲ ባሮ፡ ዓዲ መንጐቲ...ወዘተ ተባሂለን ዝጽውዓ ዓድታት፡ ኣብ መሰረትን መበቆልን ታሪኽን ዝተመስረታ እየን። እዘን ብዓዳዊ ቅርጻ ዝተመስረታ ዓድታት ኣውራጃ ሰራዩ፣ ብሕጊ እንዳባ ባይቶ እንዳባን (ኣድከመ-ምልጋእ) እየን ዝመሓደራ ነይረን።

ኣብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይውን፡ ዋንነት መሬት ንዝምልከት ኮነ ቅርጻ ስትራተጂ ዓዲ፣ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሓማሴንን ኣብ ሰራየን ኮይኑ ዝተመስረተ እዩ። ንኣብነት ካብተን ብዙሓት ዓድታት ንምጥቃስ፡ ደቂ መሃረ፡ ዓዲ ቀይሕ፣ ዓደ-ውሒ፡ ዓደ-ብዑር፡ ዓዲ-መስሓል፡ ዓዲ-መኸዳ፡ ዓዲ-ሓዲድ ...ወዘተ። እዘን ብዓዳዊ ቅርጻ ዝተመስረታ ዓድታት ኣውራጃ ኣከለጉዛይ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚረን ብባይቶ ዓድን ብሕጊ እንዳባ ኣድግና-ተገልባ ኣብ ዓዓደን ዝምእከላ ዝነበራ፣ ኣብዚ መግዛእቲ መንግስቲ ህግዲፍ ግን፣ እቲ ህዝቢ ከምቀደሙ ኣብታ ዋና ከተማ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ዝኾነት፣ ዓዲ ቀይሕ ኣብ ክንዲ ዝዳነን ዝመሓደርን፣ ንኣውራጃ

ሰራየ ማለት ናብታ ዋና ከተማ ኣውራጃ ሰራዬ ከተማ መንደፈራ እንዳመላለሰ፣ ንኽዳነን ንኽመሓደርን ተቐሲቡ ኣሎ።

እዘን ዓድታት እዚኤን ካብ ጥንቲ ጀሚረን፣ ማለት ቅድሚ እቲ ኮሎንያል ጣልያን፣ ነታ መሬት ሓማሴን (ሓምን ሴምን) ወይ መሬት ብሓረ-ነጋሲታት እትስመ ዝነበረት ሃገርና፣ "ኤርትራ" ዝብል ስም ብ1892 ዘጠመቓ፣ ተሰሪተን ዝነበራ እየን። ስለዚ ዓዲታት ሃገርና ቅድሚ እቲ "ኤርትራ" ዝብል ስም፣ ካብ ጥንቲ ጀሚረን ብስትራተጂ ዓዲ ቆይመን ዝነበራን፡ ክሳብ ሕጂ ኣስማተን ኣብ ዞባ ዝቐየር ዘለዋ እየን እየን። ዓድታት ወረዳ የቖሙ። ወረዳታት ክኣ ኣውራጃ የቖሙ። ኣውራጃታት ክኣ ሃገር የቖሙ። እቶም ኣብ ሓደ ዓዲ ዝብሃል ኣሃዱ ዝነብሩ ሰባት፣ ሓደ ሓባራዊ ኣካይዳ ዝህብ መምርሒ ሕጊ ወይ ስርዓት ኣውጺኦም ብወግዕን በገባብን ዝነብሩ እዮም። ዲሞክራስያዊ ሕብረተ-ሰብ ቀንዲ መለለዪኡ ሕጊ ስለዝኾነ ክኣ፣ ኣቦታትና ነብሲ-ወከፍ ወዲ-ዓዲ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምኻኑ ስለዝተረድኡ፣ ኣብ ድልየት ህዝቢ ዝተሰረተ ስርዓት-ሕጊ፣ ኩሉ ወዲ- ዓዲ ብእኡ ተማእዚዙን ተገዚኡን ንኽነብር፣ ሕጊ እንዳባ ኣቚሞም፣ ኣብ ህዝቦም ክኣ ፍትሓውነትን ማዕርነትን መሰልን ኣንጊሶም፣ ክሳብ መንግስቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ. ስልጣን ዝሕዝ ክነባበሩ ጸኒሖም።

ከምዚ ሎሚ ከይኮነ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ጥንታዊ ልማድ ዓደቦና፣ ኣብ ዓዲ ዝተመርኮሰ ኮይኑ፣ ብዘይ ፖሊስ ብዘይ ጠመንጃ፣ ብዘይ ማሕቡስ፣ ዝባን "ሕጊ" ብእትብል ረዛን ቃል፣ ተኸቲሎም እዮም ዝዳነዩ ነይሮም። ዓቕሚ ኣዳም ዝኣኸሉ ኣጓብዝ ክኣ፣ ምስ ኣባትሮምን ሴፎምን ኣብ ባይቶ ደው ኢሎም፣ ስነስርዓት ባይቶ ይቔጻጸሩ ከምዝነበሩ ኣርኪብናሉ ኢና። ጥንታዊ ልማድ ዓደቦና እንብኣር፣ በዚ መስፈርዚ ተሰፊሩ ክርአ እንከሎ፣ ክንደይኳ ዘሾርዕ እዩ ነይሩ። ነቲ ገሊኦም ሕዝብታት፣ ብቃልስን ብደም ምፍሳስን (ሪቮሉሽን) ዝበጽሑዎ መስርሕ፣ እቶም መሰረተ- ዓዲ ዘጽንሑልና ቀዳሞት ኣቦታትና ግን፣ ኤኮኖምያዊን ትምህርታዊን ሕይወት ህዝብና፣ ገና ከይማዕበለ ከሎ፣ ግዜኡን ኵነታቱን ብዘፍቀዶ፣ መሰል ድኹማትን መበለታትን፣ መሰል መንገድኛታትን፣ መሰል ግፉዓትን፣ ውጹዓትን ዝሕለወሉን፣ መሰል ብጸዩ ዝግሃሰ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቡ ዝቕጽዓሉን፣ ሕግታት ሰሪየም እዮም ክዳንዩን ክዳነዩን ጸኒሖም። በብዓዱ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ በብወረድኡ በብኣውራጅኡ ተጋቢኡ፣ ሕግታት ዝሰርዕን፣ ብዝሰርየ ሕጊ ዝምራሕን፣ ዝስራዕን ምንባሩ ዘይርሳዕ ታሪኽ እዩ። እቶም ብወከልቲ ዓዲ ዝረቐቑን ዝጸደቑን፣ ሃገርን ህዝብን ዝመሓደረሎም ዝነበረ፣ ክቡራት ውርሻ፣ ሕጊ እንዳባ ክኣ፣ እዞም ዝስዕቡ ኣዮም፣- ፍትሒ ለጎጭዋ፣ ፍትሒ ዓዲ ቆንጺ፣ ደብተር ድንበዛን፣ ሕጊ ሸውዓተ ዓንሰባ፣ ሕጊ ኣድከመ ምልጋዕ፣ ሕጊ ኣድግና ተገልባ፣ ፍትሒ መጋርሕ፣ ፍትሒ ክልተ መንሳዕ (ፍትሒ መሓሪ)፣ ወዘተ...እዮም። እዞም ሕግታት ኣዚእቶም፣ ዋላኳ ከምቲ ካብ ጥንቲ፣ ካብ መዋእል ባሕረ-ነገስታት ጀሚሮም፣ ክሳብ ግዝኣት ኮሎንያል ጣልያንን፣ መግዛእቲ እንግሊዝ፣ መንግስቲ ሃይለስላሴን፣ ኣብ ግብሪ ይውዕሉ ነይሮም እዮም። እዞም ዝተጠቕሱ ገዝእቲ ግን፣ ነዚ ካብ ቅድም ዝጸንሐ ስትራተጂ ዓዲ ክድምስስዎ ኣይክኣሉን።

> ኣብቲ ብሩፊሎ ፐሪኒ ዝተደርሰ "መረብ ምላሽ" ዝብል መጽሓፍ ኣብ ገጽ 336፣ ቃል ብቓሉ: ኮሎንያል ጣልያን ነቲ ኣብ ኤርትራ፣ ምስ ወረሩ ዝጸንሖም ሰረት ዓድን፣ ኣተሓሕዛ ርስትን፣ ሕጊ ኣንዳባን፣ ከምዝነበሮ ከይቀየሩ፣ ከምዝተቐበሉዎ እዩ ዝሕብር። ንኣብነት፣ "እቶም ብቕድሚና ኣብ መግዛእታዊ ተመክሮ ዝተዋፈሩ ኤውሮጳውያን ሃገራት፣ (ከም ብዓል እንግሊዝ ፈረንሳ ስፓኛ ፖርቱጋል በልጁም ውዘተ..ማለቱ እዩ።) ኣንቶስ ምስ ዘይ ማዕበሉ ህዝብታት ገጢሞም፣ እንቶስ እቲ ዝሓዙዎ መሬት ኣዝዩ ትሃዚቡ ስለ ዝጸንሖም፣ ስደተኛታትቶም ክጻወር ኣይፈቐደን ግዲ ኮይኑ፣ ኣጽኒቶም ተኪኦም፣ ጸብለል ክብሉ ክኣ ክኢሎም እዮም። ንዓና ኢጣልያውያን ገጢሙና ዘሎ ሃገር ግና፣ (ኤርትራ ማለቱ እዩ) ህዝቡ ብኤትኖ-ሎጂያዊ ደረጃ ምዕቡል፣ ፍቕዱ ውሑድ፣ ሒዙዎ ዝርከብ መሬት ክኣ፣ ካብ 20 ግዜ ንላዕሊ ህልዊ ዓቕሚ ህዝቡ ክጻወር ዝፈቅድ ስለዝኾነ፣ ህዝቡ ምቕሃም ዝብል መደብውን ከንቱ ይኸውን። ንዓቕመ ጕልበት ናይቶም ንርሑቕ ሃገራት ዝስደዱ ዜጋታትና እንተኾነውን፣ ማለት መብዛሕትኡ ግዜ ተቐባልነት ዘይረኽቡሉ፣ ክጻወር ዝኽእል ጥጡሕ ባይታ፣ ኣብ ኤርትራ ክንሃንጽን ከነማዕብልን ዝክኣል ኣዩ። ብሰላምን ጸጥታን ክናበሩ እንተድኣ ኮይኖም፣ እቲ ከምሓድሮም ዝግባእ ሕጊ ስርዓትን፣ ብሓደ ወገን ንዕኦም ዘውሕስ ክኸውን እናተገብአ፣ በቲ ሓደ ወገን ድማ እቶም ህዝብታት ደቀባት፣ ሰብኣዊ ርህራሀ፣ ፍትሒ ምዕቡል ዝምድና፣ ብምስራት፣ ምስ ህዝብታት ኢጣልያ ከይተጋራጨው፣ ብስኒት ንምዕባለ ብሓባር ምግስጋሶም ምተኻእለ" ዝብል ትንተና፣ ተጠቒሱ ንረኽቦ።

ኣዚ ቅዱስ ሕጋዊ ትሕተ ቅርጻ እዚ ክኣ፣ ከምዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ንዕዘቦ ዘሎና፣ ብዊንታ ሓደ ውልቀ-ሰብ ወይ ጉጅለ ዝተሓንጸጸ ዝይኮነስ፣ ቀዳሞት ኣቦታትና ብባህርያዊ ኣገባብ፣ ብዘይ ደም ምፍሳስ፣ ኣብ ሕይወቶም ሰኺዕምዎ ከምዝነበሩን፣ ማለት ዝናር ዓጢቖም ዘይኮኑስ፣ ዘንጊ ሕጊ ተመርኲሶም እዮም ዓደቦ ዘማሓድሩ ዝነበሩ። እዚ ትካል እዚ ክኣ ብኹሉ ወዲ-ዓዲ ሕጊ ህልውናን ቅንዕናን ምልክናን ዝተረጋገጸሉ እዩ ነይሩ። ሕጂ ግን በቲ ሕገ-ኣልቦ ዝኾነ መንግስቲ ህግዲፍ ተኣጊዱም፣ ብዘይ ሕጊ ብቐስብ ወይ ዝበልናኩም ግበሩ፣ ወይ ትእሰሩ እናተባህሉ: ከይፈተው ብዘይ ድልየቶም ንቡር መሰሎም ተጋሂሶም: ንድልየት መንግስቲ ህግደፍ እናርወዩ እነብሩ ኣለው።

እሞ ነዚ ጸረ ዓዲ ዝኾነ፡ ብህግዲፍ ተሓንጺጹ ብዘይ ድልየት ደቂ ዓዲ፡ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ዘሎ "ብስትራተጂ ዞባ" ዝጽዋዕ "ሓዲሽ" ትካልዚ፣ ኣብዚ እዋንዚ ግን ፍሽለቱ በሪሁ ዝርአ ዘሎ፣ ካብ ሱሩ መንቀኡስካ፣ በቲ ንቡር ስትራተጂ ዓዲ ክትካእ፣ ድሮ እዋኑ ይጠልቦ ኣሎ። እምብኣር ነዚ ብዘይፍቶትን ድልየንት ህዝቢ፣ ብህግዲፍ ተፈጺሙ ዘሎ ወፍሪ፣ እቶም ባህሎምን መንነቶምን ዓዶምን ተመንዚዖም ዘለው ዋናታት ርስትን ዓዲን፣ መኪቶም ኣብ ንቡሩ ክመልሱዎ እንተድኣ ኮይኖም፣ እቶም ሓደ ረብሓን፡ ሓደ ታሪኽን ሓደ ሃይማኖትን ዘለዎም ደቂ ከበሳ፡ ንጹር ራእዩን ስትራተጂን ኣልዒሎም፡ ንህዝቦም ካብቲ ዘንባዕ ትምህርቲ ህግዲፍ ዘውጽእ ተባዕ ኣስተምህሮን ጥርናፈን ብምግባር ክቃለሱ ምስብገሱ ጥራሕ እዩ።

ይቕጽል....